Kartläggningsmaterial för nyanlända elever

TIGRINJA

# Uppgifter B Textpaket
## Litteracitet

1 **Steg 2** 3

## Elever som läser och skriver



Skolverket



# Innehåll

**Inledning ... 3**

**Textpaket 1**

Lejonet och räven ... 5

En karta över en ö ... 7

Skorpionen ... 9

**Textpaket 2**

Skorpionen ... 12

Den giriga mannen ... 14

Potatischips ... 16

**Textpaket 3**

Skorpionen ... 19

Potatischips ... 21

Sömn ... 23

Mjölk ... 25

Världens städer ... 27

**Litteratur- och bildförteckning ... 29**

Skolverket och andra rättighetsinnehavare har upphovsrätt till materialet och delar som ingår i materialet. Materialet får inte mångfaldigas eller sparas på dator i annat syfte än för att genomföra en bedömning av nyanlända elevers kunskaper.



# Inledning

Detta häfte innehåller underlag för *Uppgifter B – Textpaket*. Uppgifterna använder du tillsammans med *Samtals- och dokumentationsunderlag B* och *Bedömningsunderlag för Uppgifter B.*

Instruktionerna för hur du genomför uppgifterna finns i *Samtals- och dokumentationsunderlag B.*

Dokumentera elevens svar på uppgifterna i bedömningsunderlagen. Var uppmärksam på att svarsrutorna för ”Ja” och ”Nej” kommer i en annan ordning på elevens svarsblad när språket har läsriktningen höger–vänster.

Varje uppgift består av två blad – en text och elevens svarsblad med läsförståelsefrågor. Information om hur du väljer uppgifter till eleven finns i lärarhandledningen (se s. 6–7). Skriv ut uppgifterna i färg och enkelsidigt så att eleven kan se texten och frågorna samtidigt.

Ge gärna tolken kopior av uppgifterna du har valt, både på svenska och på elevens språk.

## Om översättningen

Översättningen använder det i Eritrea vedertagna standardspråket med den s.k. ge'ezskriften, som omfattar mellan 180–250 olika tecken. Skriftsystemet är både ljudavbildande och stavelseåtergivande. Läs- och skrivriktningen är från vänster till höger.

## Anpassning av uppgifter för elever med funktionsnedsättning

Om du läser upp eller spelar in uppgifter för elever med svår synnedsättning behöver du anpassa uppgifter som innehåller bilder eller figurer. Kontakta en speciallärare eller specialpedagog om det behövs.

### Textpaket 1

- Text 1. Lejonet och räven. Beskriv innehållet i bilden.
- Text 2. En karta över en ö. Uppgiften stryks.
- Text 3. Skorpionen. Beskriv skorpionen i bilden. (Ingår även i textpaket 2 och 3)

### Textpaket 2

- Text 3. Potatischips. Använd riktiga potatischips. (Ingår även i textpaket 3)

### Textpaket 3

- Text 3. Sömn. Figuren kan strykas. Frågorna 3 och 4 som bygger på information i figuren stryks.
- Text 5. Världens städer. Diagrammet kan strykas. Frågorna 2 och 4 som bygger på information i diagrammet stryks.

Läs mer i *Anpassning för elever med funktionsnedsättning.*

# Textpaket 1



# ኣንበሳን ወኻርያን

እቲ ኣንበሳ ኣብ ናቱ በዓቲ ብጎቦ ኾይኑ ነበረ።
ኣብኡ ለይትን መዓልትን ተጎምቢዩ ነበረ።
ካብኡ ሓጸርቲ ድኹም ጓዝማ ጥራይ ይስማዕ ነይሩ።
– ሓሚሙ እዩ ዘሎ ኢሎም ሓሰቡ እቶም እንስሳታት እሞ፡ ሓዘኑሉ ኸኣ።
ንኣሽቱ ህያባት ሒዞም ናብ'ቲ ናይ ኣንበሳ በዓቲ ክኣትው ጀመሩ።

እታ ወኻርያ ግን ንውሽጢ ኣይኣተወትን።
እቲ ኣንበሳ ብልምሉም ድምጺ ገይሩ ይሓታ፥
– ዓርከይ፣ ንስኺ ንምንታይ ዘይትመጺ? ኩሎም እቶም እንስታታት ኣብዚ ነይሮም እዮም ።

– ክመጽእ ሓሲበ ነይረ፣ ግን ነቲ ኣሰር እግሪ ምስ ረኣኹ ፈሪሐ። ኵሉ ኣሰር እግሪ ናብ በዓትኻ ይኣቱ፡ ካብ'ቲ በዓቲ ዝወጽእ ኣሰር እግሪ ግን የለን። ስለዚ ኣብ ደገ እንተ ጸናሕኩ ይሓይሽ በለቶ።






K. Aronsson & S. Ottosson, *Min läsebok.* 1993. Bearbetad. Bild: I-K. Eriksson.

## ሕቶታት ካብ "ኣንበሳን ወኻርያን"

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ናይ'ቲ ጽሑፍ እወ ወይ ኣይፋል ብምባል መልስ።

| | | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 1. | እቲ ኣንበሳ ኩሉ ግዜ ድዩ ኣብ በዓቱ ነይሩ? | ☐ | ☐ |
| 2. | እታ ወኻርያ ናብ እንዳ እቲ ኣንበሳ ኣትያ ድያ? | ☐ | ☐ |
| 3. | እታ ወኻርያ ነቲ ኣንበሳ ህያብ ሂባቶ ድያ? | ☐ | ☐ |
| 4. | እቲ ኣንበሳ ነቶም ካልኦት እንስሳታት በሊዑዎም ድዩ? | ☐ | ☐ |

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሶም።


5. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?

6. እቲ ኣንበሳ ሓሚሙ ዝነበረ ዶ ይመስለካ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

7. እታ ውኻርያ ካብቶም ካልኦት እንስሳታት ዝገርሐት ዶ ነይራ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

8. ካብ'ዛ ዛንታ እዚኣ ሰብ ገለ ነገር ክምሃር ይኽእል ዶ ይመስለካ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

# ካርታ ናይ ሓንቲ ደሴት






Anpassad med tillstånd från IEA. © 1990.

# ሕቶታት ካብ “ካርታ”

**ኣብታ ቅንዕቲ ኢያ ኢልካ እትኣምነላ መልሲ፡ ምልክት X ግበረላ። ሓንቲ ምልክት ጥራይ ኢኻ ትገብር።**

1. **ካብዘን ቦታታት ኣየነይቲ እያ ናብቲ ወደብ ዝቐረበት?**

ሀ ☐ እታ ከተማ
ለ ☐ እቲ ቐላይ
ሐ ☐ እቲ ደንበ ሕርሻ

2. **ካብዘን ቦታታት ኣየነይቲ እያ ብሰሜን እታ ከተማ ትርከብ?**

ሀ ☐ እቲ መዓርፎ ነፈርቲ
ለ ☐ እቲ ጫካ
ሐ ☐ እቲ ደንበ ሕርሻ

3. **ካብቲ ከተማ ናብቲ ቐላይ ገጽካ ምስ እትኸይድ ናበይ ኣቢልካ ትኸይድ ኣለኻ ማለት እዩ?**

ሀ ☐ ሰሜን
ለ ☐ ምዕራብ
ሐ ☐ ምብራቕ

4. **ኣብቲ ደሴት ውሽጢ ከም እትዛወር ዘለኻ ሕሰብ። ዝስዕብ መምርሒታት ተኸተል።**

1. ካብቲ ቀኖት ተበገስ።
2. ናብቲ ወደብ ዝወስድ መንገዲ ሓዝ።
3. ኣብቲ ኻልኣይ ቃራና መንገዲ ንጸጋም ኣብል።
4. ቀጽል ክሳብ እቲ መንገዲ ዝውዳእ።
5. ሕጂ ኣበይ ኣለኻ?

ሀ ☐ ኣብ ደንበ ሕርሻ
ለ ☐ ኣብ ከተማ
ሐ ☐ ኣብ ወደብ

## ዕንቅርቢት - ዓሌተ ሳሬት ምስ መንደፊ

ኣብ ምውቕ ቦታታት ኣብ ዝርከብ ንኣሽቱ ነኧላት ናይ መናድቕን ኣብ ሞንጎ ኣእማንን ብኣጻብዕትኻ ምትዅታዅ ጽቡቕ ኣይኮነን። ሳእንኻ ንነዊሕ እዋን ጥራዩ እንተጸኒሑ ክትነግፎ ይግብኣካ። ምናልባሽ ሕጂ ጥራዩ ከይህሉ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ዕንቅርቢት ብርሃን ኣይፈትዋን እየን፡ ኣብ ነኧላትን ካልእ ጸልማት ስፍራታትን እየን ኣጽቒጠን ደቂሰን ብቐትሪ ዝውዕላ። ዕንቅርቢት ኣብ ኩሉ ወገናት ዓለም ዝርከባ ምውቓት ሃገራት ይነብራ፡ ግናኸ ሳሕቲ እየን ዝረኣያ።

## ንኣረይ ወጊእካ ምቕታል

ዕንቅርቢት ብሓቂ መርዛማት ክኾና ይኽእላ እየን፡ ዋላ'ኳ እተን መብዛሕትአን ዓሌታት ንዓና ንደቂ ሰባት ኣብ ሞት እንተዘየብጽሓና። ንሳተን ከከም ዓሌተን ንውሓተን ካብ ሓደ ክሳብ ዕስራ ሰንቲመተር ይኾና፡ ግን ኩላተን ኣብ ጫፍ ጭራአን መርዛም መንደፊ ኣለወን። ሓንቲ ዕንቅርቢት ንኣረይ ክትቀትል ከላ፡ ጭርኣ ጠውያ ብዝባና ኣሕሊፋ ነቲ በተን ኣጽፉራ ሒዛቶ ዘላ ኣረይ ትወግኦ። ሓንቲ ዝፈርሐት ዕንቅርቢት ነታ መንደፉ ናብቲ ጸላኢኣ ኣቢላ ምእንቲ ከተቕንዓ ቀልጢፋ ትጠዋወ።

ዕንቅርቢት ዓበይቲ ሳሬታትን ካልኦት ንኣሽቱ ለመምታን ብለይቲ ትሃድን። በቲ ኣጽፉረን ገረን ዳህሲሰን፡ ነቲ ኣረይ ቀርቂረን ይሕዝኦ እሞ በታ መርዛም መንደፊኤን ገይረን ይቐትለኦ።



ዕንቅርቢት



K. Åström, *Boken om världen*. 2001. Fotografi Wikimedia Commons.

# ሕቶታት ካብ “ዕንቅርቢት”

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ናይ'ቲ ጽሑፍ እወ ወይ ኣይፋል ብምባል መልስ።**

| | | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 1. | ዕንቅርቢት ጸልማት ይፈትዋ ዶ? | ☐ | ☐ |
| 2. | ኵለን ዕንቅርቢት ድየን ንደቂ ሰብ ክቐትላ ዝኽእላ? | ☐ | ☐ |
| 3. | ኵለን ዓሌት ዕንቅርቢት ማዕረ ድዩ ግዝፈን? | ☐ | ☐ |
| 4. | ዕንቅርቢት ንኣረይ ብኣጽፋሩ ዲያ ትሕዞ? | ☐ | ☐ |

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሶም።**

5. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?
6. ኣብ’ዚ ጽሑፍ ብዛዕባ ዕንቅርቢት፣ ሰብ ሳእኑ ክነግፍ ይግብኦ ዝብል ኣሎ። ስለምንታይ ይመስለካ ከምኡ ክገብር ዝግብኦ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

# Textpaket 2



## ዕንቅርቢት - ዓሌተ ሳሬት ምስ መንደፊ

ኣብ ምውቕ ቦታታት ኣብ ዝርከብ ንኣሽቱ ነዃላት ናይ መናድቕን ኣብ ሞንጎ ኣእማንን ብኣጻብዕትኻ ምትሹታኹ ጽቡቕ ኣይኮነን። ሳእንኻ ንነዊሕ እዋን ጥራዩ እንተጸኒሑ ክትነግፎ ይግብኣካ። ምናልባሽ ሕጂ ጥራዩ ከይህሉ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ዕንቅርቢት ብርሃን ኣይፈትዋን እየን፡ ኣብ ነዃላትን ካልእ ጸልማት ስፍራታትን እየን ኣጽቒጠን ደቂሰን ብቐትሪ ዝውዕላ። ዕንቅርቢት ኣብ ኵሉ ወገናት ዓለም ዝርከባ ምውቓት ሃገራት ይነብራ፡ ግናኸ ሳሕቲ እየን ዝረኣያ።

## ንኣረይ ወጊእካ ምቕታል

ዕንቅርቢት ብሓቂ መርዛማት ክኾና ይኽእላ እየን፡ ዋላ'ኳ እተን መብዛሕትአን ዓሌታት ንዓና ንደቂ ሰባት ኣብ ሞት እንተዘየብጽሓና። ንሳተን ከከም ዓሌተን ንውሓተን ካብ ሓደ ክሳብ ዕስራ ሰንቲመተር ይኾና፡ ግን ኵላተን ኣብ ጫፍ ጭራአን መርዛም መንደፊ ኣለወን። ሓንቲ ዕንቅርቢት ንኣረይ ክትቀትል ከላ፡ ጭርኣ ጠውያ ብዝባና ኣሕሊፋ ነቲ በተን ኣጽፋራ ሒዛቶ ዘላ ኣረይ ትወግኦ። ሓንቲ ዝፈርሐት ዕንቅርቢት ነታ መንደፋ ናብቲ ጸላኢኣ ኣቢላ ምእንቲ ከተቕንዓ ቀልጢፋ ትጠዋወ።

ዕንቅርቢት ዓበይቲ ሳሬታትን ካልኦት ንኣሽቱ ለመምታን ብለይቲ ትሃድን። በቲ ኣጽፋረን ገረን ዳህሲሰን፡ ነቲ ኣረይ ቀርቂረን ይሕዝኦ እሞ በታ መርዛም መንደፊኤን ገይረን ይቐትለኦ።



ዕንቅርቢት



K. Åström, *Boken om världen.* 2001. Fotografi Wikimedia Commons.

# ሕቶታት ካብ “ዕንቅርቢት”

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ናይ'ቲ ጽሑፍ እወ ወይ ኣይፋል ብምባል መልስ።**

| | | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 1. | ዕንቅርቢት ጸልማት ይፈትዋ ዶ? | ☐ | ☐ |
| 2. | ኵለን ዕንቅርቢት ድየን ንደቂ ሰብ ክቐትላ ዝኽእላ? | ☐ | ☐ |
| 3. | ኵለን ዓሌት ዕንቅርቢት ማዕረ ድዩ ግዝፈን? | ☐ | ☐ |
| 4. | ዕንቅርቢት ንኣረይ ብኣጽፋራ ዲያ ትሕዞ? | ☐ | ☐ |

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሶም።**

5. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?
6. ኣብ'ዚ ጽሑፍ ብዛዕባ ዕንቅርቢት፣ ሰብ ሳእኑ ክነግፍ ይግብኦ ዝብል ኣሎ። ስለምንታይ ይመስለካ ከምኡ ክገብር ዝግብኦ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

# እቲ ስሱዕ ሰብኣይ

ሓደ ስሱዕ ሰብኣይ ንኹሉ ንብረቱ ሸጦ፡ ንኹሉ'ቲ ናይ ወርቂ ገንዘብ ኣምኪኹ ኽኣ ናብ ሓደ ገዚፍ ዕንኳር ቀየሮ። ነቲ ዕንኳር-ወርቂ ኣብቲ ካንሸሎኡ ዝነበረ ጃርዲኑ ኣብ እግሪ ሓንቲ ገረብ ቀበሮ። ንሱ መዓልታዊ ነታ ገረብ ይርእያ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ሓደ ካብቶም ጐረባብቱ ረኣዮ እሞ ሸዑ ንሸዑ ንሱ እንታይ ይገብር ከም ዝነበረ ተረድአ። እቲ ስሱዕ ሰብኣይ ምስ ከደ እቲ ጐረቤት ነቲ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ነቲ ዕንኳር-ወርቂ ኰዒቱ ኣውጺኡ ሒዙዎ ከደ።

ንጽባሒቱ እቲ ስሱዕ ሰብኣይ ነቲ ሃብቱ ክርኢ ምስ መጸ፡ ሓደ ጉድጓድ ረኸበ። ሸዑ ብብርቱዕ ጭንቀት ክበክን ጸጕሩ ክነጽን ጀመረ። ሓንቲ ብኣጋጣሚ ብኡ ትሓልፍ ዝነበረት ዓርኩ እንታይ ከም ዘጓነፈ ሓተተቶ። እቲ ስሱዕ ሰብኣይ ከኣ እንታይ ከም ዘጋጠመ ነገራ።

-ዋእ፣ ካልእ ኣይኮነን ነይሩ! በለቶ እታ ዓርኩ፡ እሞ ፈጺሙ ዘሕዝን ምኽንያት እኮ የብልካን። ከመይሲ እቲ ወርቂ ብሓቂ ናትካ ኣይነበረን። ኣብ ክንድኡ ሓደ እምኒ ወሲድካ ኣብ'ቲ ጉድጓድ ኣእትዎ እሞ፡ ብሓሳብካ ዕንኳር-ወርቂ እዩ ኢልካ ተቐበሎ። ማዕሪኡ ሓጎስን ጥቕሚን ካብኡ ክትረክብ ኢኻ።



Efter Aisopos. Bearbetad och översatt från svenska.

# ሕቶታት ካብ "እቲ ስሱዕ ሰብኣይ"

## ኣብታ ቅንዕቲ ኢያ ኢልካ እትኣምነላ መልሲ፡ ምልክት X ግበረላ። ሓንቲ ምልክት ጥራይ ኢኻ ትገብር።

1. ከመይ ገሩ'ዩ እቲ ስሱዕ ሰብኣይ ነቲ ዕንኳር-ወርቂ ረኺብዎ?

ሀ ☐ ካብ'ቲ ጐረቤቱ ገዚእዎ።
ለ ☐ ብገንዘብ ሰሪሕዎ።
ሐ ☐ ኣብቲ ካንሸሎ ረኺብዎ።

2. ስለምንታይ'ዩ እቲ ስሱዕ ሰብኣይ ኩሉ መዓልቲ ናብ'ታ ገረብ ዝኸይድ ነይሩ?

ሀ ☐ ዝያዳ ወርቂ ንምቕባር።
ለ ☐ ነቲ ወርቁ ኩዒቱ ንምውጻእ።
ሐ ☐ ነቲ ወርቁ ንምሕላው።

3. ሓደ ሰብ እንታይ ክምሃር ይኽእል ካብ'ዚ ዛንታ?

ሀ ☐ ሓደ ሰብ ካብ'ቲ ናቱ ሃብቲ ከማቕል ከም ዘለዎ።
ለ ☐ ሓደ ሰብ በቲ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ሃብቲ ጥራይ እዩ ሓጐስ ዝረክብ።
ሐ ☐ ሓደ ሰብ ኩሉ ግዜ ንኣዕሩኽቱን ንጐረባብቱን ክሰምዕ ከም ዘለዎ።

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሶም።**

4. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?

5. ስለምንታይ ይመስለካ እቲ ስሱዕ ሰብኣይ ኩሉ ንብረቱ ዝሸጠ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

6. ስለምንታይ'ያ እታ ዓርኩ፡ ኣብቲ ጉድጓድ እምኒ እንተዝቕብር እውን ሓደ'ዩ ነይሩ፡ ዝብል ርእይቶ ዝነበራ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

# ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ


ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ

ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ረቐቕቲ ብዘይቲ ዝተጠጠቑ ምታራት ድንሽ ኮይኖም ካብቶም ኣብ መበል 18 ክፍለ ዘመን ብዙሕ ዝተዘተየሎም ምህዞታት እዮም። ብዛዕባ መን ከም ዝመሃዞምን ክሸጦም ከም ዝጀመረን ብዙሕ ዛንታታት ኣሎ፡ ካብ'ዞም ዛንታታት ሓቀኛ ትሕዝቶ ዘለዎም ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ንምርግጋጽ ከኣ ዳርጋ ዘይከኣል እዩ።

እቲ ብዙሕ ዝተዘርግሐ ዛንታ ብዛዕባ እቲ ከሻናይ ጆርጅ ክሩም እዩ። ብዕለት 24 ነሓሰ 1853 ክሩም ንሓደ ዘይሕጉስ ዓሚል ከዕግብ ፈተነ። ረቂቕ ገይሩ ዝመተሮ ድንሽ ቆልዩ፡ ነቲ ውጽኢቱ ከኣ ጨው ገበረሉ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ እቲ ዓሚል ካብ ዘይሕጉስ ናብ ኣዝዩ ሕጉስ ኩነታት ተሳገረ። እዚ ዛንታ ሓቂ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ግን ካልኦት ከሸንቲ ኣብቲ ዘመን'ቲ ተመሳሳሊ ሓሳባት ይመጾም ከም ዝነበረ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ኣብ ሕ.መ.ኣ. ጥራይ ንዕኡ ዝመሳሰል ኣብ ሓደ-ክልተ ናይ ምኽሻን መጻሕፍቲ ተጠቒሱ ኣሎ፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ከኣ ካልኦት ዓይነታት ማዕቢሎም ነበሩ።

ብ1890ታት እዩ መጀመርያ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ኣብ ድኳናት ንመሸጣ ዝቐረበ፡ እቲ ናይ ብሓቂ ወሰኽ ኣብ ምፍራይን ከምኡ ከኣ ኣብ መሸጣን ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ዝጀመረ ድሕር'ቲ ናይታ ንምስርሑ ዘቃለለት መጥበሲት ምህዞ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ 1920ታት እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝሰዓበ ዓሰርተ ዓመታት ብተወሳኺ እቲ መዓሸጊ ተቐየረ፡ እቲ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ከኣ ኣብ ርሑቕ ቦታታት ሕ.መ.ኣ. ክዝርጋሕ ጀመረ። ንኤውሮጳ ብዝምልከት ዝርግሐ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ኣብ ዱኳናት ክሳብ 1950ታት ደንጉዩ ነበረ።


D. Harrison, Historiebloggen. www.svd.se (publicerad 2014-09-28) Bearbetad. Fotografi Pixabay.

## ሕቶታት ካብ “ደረቕ ቅልዋ ድንሽ”

**ኣብታ ቅንዕቲ ኢያ ኢልካ እትኣምነላ መልሲ፡ ምልክት X ግበረላ። <u>ሓንቲ</u> ምልክት ጥራይ ኢኻ ትገብር።**

1. **ንምንታይ'ዩ እቲ ደራሲ ነዚ ጽሑፍ ዝጸሓፈ?**

ሀ ☐ ብዛዕባ ታሪኽ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ንኣንባባይ ክሕብር።
ለ ☐ ብሓደ መስሓቒ ዛንታ ንኣንባባይ ክዘናግዖ።
ሐ ☐ ከመይ ገይርካ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ከምዝስራሕ ንኣንባባይ ክምህሮ።

2. **ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ መን ከምዝመሃዞ ይፍለጥ'ዶ?**

ሀ ☐ እወ፡ ጆርጅ ክሩም እዩ ነይሩ።
ለ ☐ ኣይፋልን፡ ካልኦት ክኾኑ ዝኽእሉ እውን ነይሮም እዮም።
ሐ ☐ ኣይፋልን፡ *ኣበይ* ከምዝተማህዘ ግን ይፍለጥ'ዩ።

**ኣየኖት ሓሳባት እዮም ምስቲ ብዛዕባ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ተጻሒፉ ዘሎ ጽሑፍ ዝሰማምዑ። ኣብቲ ድሕሪ ነብሲ ወከፍ ሓሳብ ዘሎ እወ ወይ ኣይፋል ዝብል ክፋት ቦታ X ምልክት ግበረሉ።**

| | | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 3. | ካብ መዓስ ጀሚሩ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ክብላዕ ከምዝጀመረ ብግምት ንፈልጥ ኢና። | ☐ | ☐ |
| 4. | እቲ ፈለማ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ክሸየጠሉ ዝጀመረ ክፍለ ዓለም ኤውሮጳ እዩ ነይሩ። | ☐ | ☐ |
| 5. | ኣብ 1900 ክፍለ ዘመን ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ክብላዓሉ ዝጀመረ ምኽንያታት ካብ ሓደ ንላዕሊ እዩ ነይሩ። | ☐ | ☐ |

**ዝሰዕብ ሕቶ ብቓል መልሶ።**

6. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?

# Textpaket 3



# ዕንቅርቢት - ዓሌተ ሳሬት ምስ መንደፊ

ኣብ ምውቕ ቦታታት ኣብ ዝርከብ ንኣሽቱ ነዃላት ናይ መናድቕን ኣብ ሞንጎ ኣእማንን ብኣጻብዕትኻ ምትኹታኹ ጽቡቕ ኣይኮነን። ሳእንኻ ንነዊሕ እዋን ጥራዩ እንተጸኒሑ ክትነግፎ ይግብኣካ። ምናልባሽ ሕጂ ጥራዩ ከይህሉ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ዕንቅርቢት ብርሃን ኣይፈትዋን እየን፡ ኣብ ነዃላትን ካልእ ጸልማት ስፍራታትን እየን ኣጽቚጠን ደቂሰን ብቐትሪ ዝውዕላ። ዕንቅርቢት ኣብ ኩሉ ወገናት ዓለም ዝርከባ ምውቓት ሃገራት ይነብራ፡ ግናኸ ሳሕቲ እየን ዝረኣያ።

# ንኣረይ ወጊእካ ምቕታል

ዕንቅርቢት ብሓቂ መርዛማት ክኾና ይኽእላ እየን፡ ዋላ'ኳ እተን መብዛሕትአን ዓሌታት ንዓና ንደቂ ሰባት ኣብ ሞት እንተዘየብጽሓና። ንሳተን ከከም ዓሌተን ንውሓተን ካብ ሓደ ክሳብ ዕስራ ሰንቲመተር ይኾና፡ ግን ኩላተን ኣብ ጫፍ ጭራአን መርዘም መንደፊ ኣለወን። ሓንቲ ዕንቅርቢት ንኣረይ ክትቀትል ከላ፡ ጭርኣ ጠውያ ብዝባና ኣሕሊፋ ነቲ በተን ኣጽፋራ ሒዛቶ ዘላ ኣረይ ትወግኦ። ሓንቲ ዝፈርሐት ዕንቅርቢት ነታ መንደፋ ናብቲ ጸላኢኣ ኣቢላ ምእንቲ ከተቕንዓ ቀልጢፋ ትጠዋወ።

ዕንቅርቢት ዓበይቲ ሳሬታትን ካልኦት ንኣሽቱ ለመምታን ብለይቲ ትሃድን። በቲ ኣጽፋረን ገረን ዳህሲሰን፡ ነቲ ኣረይ ቀርቂረን ይሕዝኦ እሞ በታ መርዛም መንደፊኤን ገይረን ይቐትለኦ።



ዕንቅርቢት



K. Åström, *Boken om världen*. 2001. Fotografi Wikimedia Commons.

# ሕቶታት ካብ "ዕንቅርቢት"

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ናይ'ቲ ጽሑፍ እወ ወይ ኣይፋል ብምባል መልስ።**

| | | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 1. | ዕንቅርቢት ጸልማት ይፈትዋ ዶ? | ☐ | ☐ |
| 2. | ኵለን ዕንቅርቢት ድየን ንደቂ ሰብ ክቐትላ ዝኽእላ? | ☐ | ☐ |
| 3. | ኵለን ዓሌት ዕንቅርቢት ማዕረ ድዩ ግዝፈን? | ☐ | ☐ |
| 4. | ዕንቅርቢት ንኣረይ ብኣጽፋራ ዲያ ትሕዞ? | ☐ | ☐ |

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሶም።**

5. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?
6. ኣብ'ዚ ጽሑፍ ብዛዕባ ዕንቅርቢት፣ ሰብ ሳእኑ ክነግፍ ይግብኦ ዝብል ኣሎ። ስለምንታይ ይመስለካ ከምኡ ክገብር ዝግብኦ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

# ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ



ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ

ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ረቒቕቲ ብዘይቲ ዝተጠጠቑ ምታራት ድንሽ ኮይኖም ካብቶም ኣብ መበል 18 ክፍለ ዘመን ብዙሕ ዝተዘተየሎም ምህዞታት እዮም። ብዛዕባ መን ከም ዝመሃዞምን ክሸጦም ከም ዝጀመረን ብዙሕ ዛንታታት ኣሎ፡ ካብ'ዞም ዛንታታት ሓቀኛ ትሕዝቶ ዘለዎም ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ንምርግጋጽ ከኣ ዳርጋ ዘይከኣል እዩ።

እቲ ብዙሕ ዝተዘርግሐ ዛንታ ብዛዕባ እቲ ከሻናይ ጆርጅ ክሩም እዩ። ብዕለት 24 ነሓሰ 1853 ክሩም ንሓደ ዘይሕጉስ ዓሚል ከዕግብ ፈተነ። ረቂቕ ገይሩ ዝመተሮ ድንሽ ቆልዩ፡ ነቲ ውጽኢቱ ከኣ ጨው ገበረሉ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ እቲ ዓሚል ካብ ዘይሕጉስ ናብ ኣዝዩ ሕጉስ ኩነታት ተሳገረ። እዚ ዛንታ ሓቂ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ግን ካልኦት ከሸንቲ ኣብቲ ዘመን'ቲ ተመሳሳሊ ሓሳባት ይመጾም ከም ዝነበረ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ኣብ ሕ.መ.ኣ. ጥራይ ንዕኡ ዝመሳሰል ኣብ ሓደ-ክልተ ናይ ምኽሻን መጻሕፍቲ ተጠቒሱ ኣሎ፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ከኣ ካልኦት ዓይነታት ማዕቢሎም ነበሩ።

ብ1890ታት እዩ መጀመርያ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ኣብ ድኳናት ንመሸጣ ዝቐረበ፡ እቲ ናይ ብሓቂ ወሰኽ ኣብ ምፍራይን ከምኡ ከኣ ኣብ መሸጣን ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ዝጀመረ ድሕር'ቲ ናይታ ንምስርሑ ዘቃለለት መጥበሲት ምህዞ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ 1920ታት እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝሰዓበ ዓሰርተ ዓመታት ብተወሳኺ እቲ መዓሸጊ ተቐየረ፡ እቲ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ከኣ ኣብ ርሑቕ ቦታታት ሕ.መ.ኣ. ክዝርጋሕ ጀመረ። ንኤውሮጳ ብዝምልከት ዝርግሐ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ኣብ ዱኳናት ክሳብ 1950ታት ደንጉዩ ነበረ።



D. Harrison, Historiebloggen. www.svd.se (publicerad 2014-09-28) Bearbetad. Fotografi Pixabay.

# ሕቶታት ካብ "ደረቕ ቅልዋ ድንሽ"

**ኣብታ ቅንዕቲ ኢያ ኢልካ እትኣምነላ መልሲ፡ ምልክት X ግበረላ። <u>ሓንቲ</u> ምልክት ጥራይ ኢኻ ትገብር።**

1. **ንምንታይ'ዩ እቲ ደራሲ ነዚ ጽሑፍ ዝጸሓፈ?**

ሀ ☐ ብዛዕባ ታሪኽ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ንኣንባባይ ክሕብር።
ለ ☐ ብሓደ መስሓቒ ዛንታ ንኣንባባይ ክዘናግዮ።
ሐ ☐ ከመይ ገይርካ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ከምዝስራሕ ንኣንባባይ ክምህሮ።

2. **ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ መን ከምዝመሃዞ ይፍለጥ'ዶ?**

ሀ ☐ እወ፡ ጆርጅ ክሩም እዩ ነይሩ።
ለ ☐ ኣይፋልን፡ ካልኦት ክኾኑ ዝኽእሉ እውን ነይሮም እዮም።
ሐ ☐ ኣይፋልን፡ ሓበይ ከምዝተማህዘ ግን ይፍለጥ'ዩ።

**ኣየኖት ሓሳባት እዮም ምስቲ ብዛዕባ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ተጻሒፉ ዘሎ ጽሑፍ ዝሰማምዑ። ኣብቲ ድሕሪ ነብሲ ወከፍ ሓሳብ ዘሎ እወ ወይ ኣይፋል ዝብል ክፉት ቦታ X ምልክት ግበረሉ።**

| | | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 3. | ካብ መዓስ ጀሚሩ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ክብላዕ ከምዝጀመረ ብግምት ንፈልጥ ኢና። | ☐ | ☐ |
| 4. | እቲ ፈለማ ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ክሽየጠሉ ዝጀመረ ክፍለ ዓለም ኤውሮጳ እዩ ነይሩ። | ☐ | ☐ |
| 5. | ኣብ 1900 ክፍለ ዘመን ደረቕ ቅልዋ-ድንሽ ክብላዓሉ ዝጀመረ ምኽንያታት ካብ ሓደ ንላዕሊ እዩ ነይሩ። | ☐ | ☐ |

**ዝስዕብ ሕቶ ብቓል መልሶ።**

6. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?


# ድቃስ

**ኩሉ ድቃስ የድልዮ፡ ሰብ ይኹን እንስሳ። ግን ስለምንታይ? ናይ'ዚ መልሲ ተመራመርቲ እውን ኣይፈልጥዎን እዮም። ወይ ከኣ ኣብ ግዜ ድቃስና እንታይ ከም ዘጋጥም። ድቃስ ከም ዘድልየና ግን - ፈጺሙ ኣየጠራጥርን። ብዘይ ድቃስ ምሞትና።**

ድቃስ ሓደ ዓይነት ዕረፍቲ ኢዩ። ኣብ ከባቢኻ እንታይ ይካየድ ከም ዘሎ ግን ኣይተስተውዕልን ኢኻ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣብ ግዜ ድቃስካ ምስ ውኖኻ የለኻን ክበሃል ይከኣል። ግን ከቢድ ዘይኮነ፡ ካብ ምብርባር ክኽልክለካ ዘይክእል።

**ዑደት ድቃስ**
ድቃስ ኣብ ነፍስወከፍ 90 ደቓይቕ ዝንውሓቱ ተደጋጋሚ ዙርያታት ይካየድ። ነፍስወከፍ ዑደት-ድቃስ ሓሙሽተ ደረጃታት ኣለዎ፡ ስእሊ ዑደት-ድቃስ ተመልከት።

**ድቃስ-ሕልሚን ዓሚቕ-ድቃስን**
እቲ ሓምሻይ ደረጃ፡ ድቃስ-ሕልሚ ይበሃል። ሽዑ ኣዒንቲ ቀልጢፎም ይንቀሳቐሱ፡ ሽዑ ኸኣ ኢና እንሓልም። ድቃስ-ሕልሚ ፈኲስ'ዩ፡ ኣዕሚቕና ኣይኮንናን ንድቅስ ማለት'ዩ። ድቃስ-ሕልሚ ኣብ ነፍስወከፍ 90 ደቒቕ ይደጋገም፡ ዳርጋ ሓደ ርብዒ ናይቲ እንድቅሰሉ ግዜ ከኣ ይጸንሕ። እቲ ካልእ ደረጃ እቲ ዓሚቕ-ድቃስ'ዩ። ሽዑ'ዩ እቲ ኣካላት ዝህደስ፡ ንሕና ኸኣ ሓደስቲ ነገራት ናይ ምምሃር ክእለትና ዝዓቢ። ኣብ ግዜ ዓሚቕ-ድቃስ ፍልጠትና ይስስን እሞ ብቐሊሉ ኣብ ኣእምሮና ይቕረጽ። ኣብ ዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ሓደ ክፋል ናይቲ ዓሚቕ-ድቃስ ይጠፍእ። ሽዑ እቲ ኹሉ ብቐትሪ ዝተማሃርዎ ንኽዝክርዎ ይጽግሞም። ብቐሊሉ ኣብ ኣእምሮኦም ኣይሰርጽን።




**ድቃስ ምትካእ**
ሓደ መዓልቲ ኣጸቢቕካ እንተ ኣምሲኻ ንጽባሒቱ ለይቲ ዕጽፊ ገረ ክድቅስ ከድልየኒ እዩ፡ ኢልካ ምእማን ቀሊል'ዩ። ግን እዚ ልክዕ ኣይኮነን። ኣካላትና ንዝሓለፎ ድቃስ ኣብ ምትካእ ጽቡቕ ክእለት ኣለዎ። ውሑድ ድቃስ እንተ ደቂስካ ብዓሚቕ-ድቃስ ክትትክኦ ትኽእል ኢኻ።


H. Borgström, *Kroppens mysterier.* 2010. Bearbetad. Figur G. Wallentin.

# ሕቶታት ካብ “ድቃስ”

**ኣየኖት ሓሳባት እዮም ምስቲ ብዛዕባ ድቃስ ተጻሒፉ ዘሎ ጽሑፍ ዝሰማምዑ? ኣብቲ ድሕሪ ነፍስወከፍ ሓሳብ ዘሎ እወ ወይ ኣይፋል ዝብል ክፉት ቦታ ሓደ ምልክት X ግበረሉ።**

| | | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 1. | እቶም ተመራመርቲ፡ ደቂ ሰባት ንምንታይ ድቃስ ከም ዘድልዮም ይፈልጡ'ዮም። | ☐ | ☐ |
| 2. | ኣብ ግዜ ድቃስ-ሕልሚ፡ ሰብ ፈኲስ ድቃስ ኢዩ ዝድቅስ። | ☐ | ☐ |
| 3. | ንሕና ዝነውሐ ክፋል ናይ ለይቲ ንሓልም ኢና። | ☐ | ☐ |
| 4. | ካብ ድሕሪ ድቃስ-ሕልሚ ቅድሚ ድቃስ-ሕልሚ እንተ ኣበራ<u>በ</u>ሩና ይቐልል። | ☐ | ☐ |

**ኣብቲ ቅኑዕ እዩ ኢልካ እትኣምነሉ መልሲ ምልክት X ብምግባር ነዚ ሓሳባት ቐጽሎ። <u>ሓደ</u> ምልክት ጥራይ ኢኻ እትገብር።**

5. **ሰብ፡ ሓደ ወይ ክልተ ለይቲ ውሑድ ድቃስ እንተደቀሰ...**

ሀ ☐ ምእንቲ ዝሓለፎ ድቃስ ክመልስ ኣብቲ ዝቕጽል ለይቲ ዕጽፊ ገይሩ ክድቅስ የድልዮ ።
ለ ☐ ኣብ ዝቕጽል ለይቲ ኣዕሚቑ ብምድቃስ ኣካላቱ ክትክኦ ይኽእል።
ሐ ☐ ነቲ ዝሰኣኖ ድቃስ ምእንቲ ክትክኦ ንጽባሒቱ ምሸት ቀልጢፉ ከይዱ ክድቅስ ክግደድ'ዩ ።

**ንዝስዕብ ሕቶ ብቓል መልሶ።**

6. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ክተዘንቶ ምኽኣልካ?

# ጸባ
## መልእኽትታት ናብ ሓደ ጋዜጣ

ኣብ ሽወደን ኩሎም ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምሳሕ ይወሃቦም፡ ምስ መግቢ ከኣ ሙብዛሕትኡ ግዜ ጸባ ይቕረብ። ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ ጸባ ምስታይ ናይ ብሓቂ ጽቡቕ ዲዩ ኢሉ ሰብ ክዛተ ጀሚሩ ኣሎ። ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጸባ ምቕራብ፡ ክልተ ዝተፈላለዩ ሰባት ዘለዎም ርእይቶታት ኣብዚ ከተንብብ ኢኻ።

1.

### ንነኣሽቱ ተምሃሮ ኣብ ክንዲ ጸባ ማይ ሃብዎም

**ጸባ-ላም ኣብ ቤት ትምህርቲ ባህርያዊ ኣይኮነን። ወዲ ሰብ ኢዩ እቲ እንኮ ዓሌት ኣብ'ዛ ምድሪ እቲ ናይ ካልእ ዓሌት ጸባ ዝሰቲ።**

ኣብ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ጋዜጣ ከም ዘንበብናዮ፡ ሓደ ሰፊሕ መጽናዕቲ ካብ ዩኒቨርሲቲ ኡፕሳላ ነቲ ዝነበረና ኣረጊት ዘይነቐፈታዊ ኣረኣእያ ብዛዕባ ጸባ ላም ገላቢጡዎ ኣሎ። እቶም ተመራመርቲ ብብዝሒ ጸባ ምስታይ ምስ ሕጽረት ዕምሪን ተወሳኺ መስበርቲ ዓጽምን ከም ዝተእሳሰር ፈሊጦምዎ ኣለዉ።

**ጸባ-ላም** ንጥዕና ህዝቢ ወይ ከኣ ንኣከባቢና ባህርያዊ ኣይኮነን ጽቡቕ እውን ኣይኮነን ። ስለ'ዚ ንጸባ ላም ካብ ናይ ሽወደን ኣብያተ ትምህርቲ ክነልግሶ ኣብ ክንድኡ ከኣ ነቶም ቆልዑ ንኣከባቢና ዝሓሸ ሓድሽ ልምዲ ናይ ኣሰታትያ ክንምህርም ሕጂ እዋኑ እዩ፤ ንሱ ከኣ ጽምኢ ብማይ ገርካ ምርዋይ ኢዩ።

**ኣንደሽ ስቨንሶን**
ወካሊ ማሕበር ኣሕምልቲ ብልዑ

2.

### ኣብ ቤት ትምህርቲ ጸባ ምስ መግቢ ኣድላዪ እዩ

*መልሲ ንኣንደሽ ስቨንሶን*

**ኣንደሽ ስቨንሶን ኣብ ቤት ትምህርቲ ንቖልዑ ጸባ ክዋሃቦም ኣይደልን እዩ። ንሕናን ው.ሃ.'ን ብኣንጻሩ'ዩ ርእይቶና - ኩሎም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘይክፈሎ ጸባ ይግበኦም'ዩ እዩ።**

ጸባ 18 ካብቶም 22 ንዓና መዓልታዊ ዘድልዩና መኣዛታት መግቢ ኣለውዎ፤ መኣዛታት ብዝምልከት ኣብቲ ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝውዕሉሉ እዋን ከኣ ዓቢ ተኣማንነት ይህብ። ኣብተን ሕጽረት ናይ መግቢ ዘለወን ሃገራት እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝውሃብ ጸባ ንብዙሓት ቆልዑ ንህይወት ኣዝዩ ኣድላዪ ምንጪ ናይ መግቢ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ እቶም ቆልዑ ምስ መግቢ ጸባ እንተ ዘይተዋሂቡዎም እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ምሳሕ ዝኣክል መኣዛታት ከም ዘይብሉ፡ ሓደስቲ መጽናዕትታት፡ ጋህዲ ገይሮምዎ ኣለዉ።

**ናይ መኣዛታት መግቢ ተመራማሪት** ኡላ ሮሳንደር ካብ ኮለጅ ኣብ ክሪሻንስታድ፡ ኣብ ሓንቲ ከተማ ዝርከባ ሰለስተ ኣብያተ-ትምህርቲ ፡ ደቂ 10 ዓመት ቆልዑ ንሓደ ሰሙን ዝበልዕዎ ናይ ቤት ትምህርቲ መግቢ ዘለዎ ትሕዝቶ ናይ መኣዛታት መግቢ ኣጽኒዓቶ። እተን ኣብያተ-ትምህርቲ ሓደ ዓይነት መግቢ ቀሪበን ነበራ። ውጽኢቱ ቆልዑ ምስ መግቢ ጸባ ክሰትዩ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ኣረዲኡ፡ ዝያዳ ኣገዳሲ ኸኣ ነቶም በብንእሽቶ ገሮም ዝበልዑ ወይ ድማ ኣብቲ ናይ ምሳሕ ዕረፍቶም ዝኣክል መግቢ ንምብላዕ ዘየርከቡ ቆልዑ እዩ። እቲ ጸባ ነቶም ቆልዑ ዝኣክል ካልስዩም፡ ቪታሚን B12 ከምኡ እውን ማግነሲዩም ምርካብ ክኽእሉ የድሊ ነሩ። ስለ'ዚ ጸባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሁብ ቦታ ኣለዎ።

**ፐትራ ስትራንድበርይ**
ወካሊት ኣፍረይቲ ጸባ ሽወደን



J. Paulsson & J. Carlberg, Insändare. *Upsala Nya Tidning*. Publicerade 2014-11-04 och 2014-11-11. (Bearbetade)

# ሕቶታት "መልኸትታት ናብ ሓደ ጋዜጣ ብዛዕባ ጸባ"

**ኣብታ ቅንዕቲ ኢያ ኢልካ እትኣምነላ መልሲ፡ ምልክት X ግበረላ። ሓንቲ ምልክት ጥራይ ኢኻ ትገብር።**

1. **ስለምንታይ'ያ ስትራንድበርይ ጸባ ንንኣሽቱ ተምሃሮ ኣድላዪ'ዩ ዝበለት?**

ሀ ☐ ጸባ ንቖልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝያዳ ከም ዝበልዑ ይገብር።
ለ ☐ ጸባ ንሰብ ነዊሕ ግዜ ከም ዝነብር ይገብር።
ሐ ☐ ጸባ ብዙሓት መኣዛታት መግቢ ኣለውዎ።

2. **ስለምንታይ'ዩ ስቨንሶን ንኣሽቱ ተምሃሮ ኣብ ክንዲ ጸባ ማይ ክሰትዩ ኣለዎም ዝበለ?**

ሀ ☐ ማይ ካብ ጸባ ይሓስር።
ለ ☐ ማይ ንኣከባቢና ዝሓሸ'ዩ።.
ሐ ☐ ማይ ይበልጽ ኣብ ጽምኢ ምርዋይ።

3. **ብመሰረት'ዚ ጽሑፋት እቲ መጽናዕቲ እንታይ ኣርእዩ?**

ሀ ☐ ጸባ ምስታይ ኣወንታዊን ኣሉታዊን ሳዕቤን ከም ዘለዎ።
ለ ☐ ናይ ቤት ትምህርቲ መግቢ ብዘይ ጸባ ዝኣክል ልዑል ትሕዝቶ መኣዛታት መግቢ ከም ዘለዎ።
ሐ ☐ ብዙሕ ጸባ ምስታይ ንዓጽሚ ኣጸቢቑ ከም ዘደልድል።

4. **ስለምንታይ'ያ ስትራንድበርግ ኣብቲ ጋዜጣ ዝጸሓፈት?**

ሀ ☐ ንምንታይ ስቨንሶን ከም ዝተጋገየ ክትገልጽ ስለ ዝደለየት።
ለ ☐ ማይ ንኣከባቢ ጽቡቕ ከምዝኾነ ክትገልጽ ስለ ዝደለየት።
ሐ ☐ እቶም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣዝዩ ውሑድ መግቢ ክበልዑ ኣይደለየትን።

**ኣየናይ ሓሳባት እዩ ምስቲ ብዛዕባ ጸባ ዝተጻሕፈ ጽሑፍ ዝሰማማዕ? ኣብቲ ድሕሪ ነብሲ ወከፍ ሓሳብ ዘሎ እወ ወይ ኣይፋል ዝብል ክፋት ቦታ X ምልክት ግበሩሉ።**

| | | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 5. | ስቨንሶን፡ ሰብ ብዙሕ ጸባ እንተ ሰተየ ሓጺር ህይወት እዩ ዝነብር ይብል። | ☐ | ☐ |
| 6. | ስቨንሶንን ስትራንበርይን ኣብቲ መልእኽቲታቶም ንሓደ ተመራማሪ ይጠቕሱ። | ☐ | ☐ |
| 7. | እቶም ተመራመርቲ ብዛዕባ ጸባ ዘምጽኦ ሳዕቤናት ዝተሳማምዑ ይመስሉ። | ☐ | ☐ |

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሶም።**

8. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?
9. ካብዞም ጽሑፋት ኣየናዮም'ዩ ዝያዳ ኣእሚኑካ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጸ ዶ ምኽኣልካ?

# ከተማታት እዛ ዓለም ቅልጡፍ ምስፍሕፋሕ ይገብራ ኣለዋ

ኣብ'ዛ ዓለም ክትምና ናህሪ እናወሰኸ ይቕጽል ኣሎ። ብመሰረት ግምታዊ ጸብጻብ ው.ሃ. ናይ ከተማ ህዝቢ ክሳዕ መበል 2050 ዓመት ብ2.4 ቢልዮን ክውስኽ'ዩ። ኲሎም ቦታ ምእንቲ ክረኽቡ ምስ ሃገር ህንዲ ብዝመጣጠን ስፍሓት ክውስኻ ኣለወን።


ኣብ ውሽጢ 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ከተማታት ዓለም ዝነብር ህዝቢ ካብ 220 ሚልዮን ናብ 2.8 ቢልዮን ሰባት ደይቡ ኣሎ። ኣብ 2008 ከኣ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ዝነብር ህዝቢ ካብቲ ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ በዚሑ።

ኣብ 2013 እቲ ዓውለማዊ ነባሪ ከተማ 3.6 ቢልዮን ተገሚቱ፡ ግን ብመሰረት ግምታዊ መጽናዕቲ ው.ሃ. ኣብ 2030፡ 5 ቢልዮን ኣቢሉ ክኸውን ትጽቢት ኣሎ፡ ኣብ 2050 ከኣ ን 6 ቢልዮን ክሓልፎ እዩ። ኣብ ኤውሮጳን ሰሜንን ደቡብን ኣመሪካን መብዛሕትኡ ክፋል ናይቲ ህዝቢ ድሮ ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን እዩ ዝነብር ዘሎ፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ኣፍሪቃን እስያን መስተንክራዊ ዕብየት ናይ ክትምና ይጽበየን ኣሎ።

**ዝዓብያ ዘለዋ ከተማታት ጸገምን ዕድልን**
ኣብ ምዕባይ ዘለዋ ከተማታት ብብዙሕ መንገድታት ዓቢ ፈተነ እየን፡ ምኽንያቱ ቅልጡፍ ክትምና ናብ ናይ ጥዕናን ኣከባቢን ሽግራት ከምርሕ ስለ ዝኽእል። ንኣብነት ኣብ ብከላ ኣየርን ናይ ጽሬት ጉድለታትን ብዝምልከት። ማዕረ ማዕሪኡ እተን ዝዓብያ ዘለዋ ዓበይቲ ከተማታት ንብዙሓት ሰባት ነቲ ኣብ ገጠር ዝሰኣን ዕድላት ክፈጥራ ይኽእላ እየን፡ ከም ዝያዳ ናይ ስራሕ ቦታታት፡ ዝበለጸ ክንክን ጥዕና ከምኡ ኸኣ ዕድል ንትምህርቲ።

ናይ ብዙሓት ሰባት ብጻዕቂ ምንባር ንጠለባት ናይ ጽዓትን መጒዓዝያን ክቕንሶ ይኽእል፡ እዚ ከኣ ብጊድኡ ኣብ ልዕሊ ክሊማ ንዘሎ ጽዕነት ክፍኵሶ ይኽእል።

**ምዕባለ ብዝሒ ህዝቢ ኣብ ዓለም 1961-2012 ከምኡ ኸኣ ግምት 2013-2050**





J. Moström, *www.scb.se* (publicerad 2013-10-10)

# ሕቶታት ካብ "ከተማታት እዛ ዓለም ቅልጡፍ ምስፍሕፋሕ ይገብራ ኣለዋ"

**ኣብታ ቅንዕቲ ኢያ ኢልካ እትኣምነላ መልሲ፡ ምልክት X ግበረላ። <u>ሓንቲ</u> ምልክት ጥራይ ኢኻ ትገብር።**

**1. ብመሰረት እቲ ጽሑፍ እቲ ዝዓበየ ኣሉታዊ ጽልዋ ናይ ምግዓዝ ሰባት ናብ ከተማታት ኣየናይ ከኸውን እዩ?**

ሀ ☐ ምብልሻው ኣከባቢ ኣብ ከተማታት።

ለ ☐ ከተማታት ይሰፍሓ።

ሐ ☐ ጠለብ መጕዓዝያ ይውስኽ።

**2. ኣብ ዓመት 2040 ክንደይ ኣቢሎም ዝኾኑ ሰባት ኣብ ከተማታት ክነብሩ'ዮም ኢልካ ይእመን?**

ሀ ☐ ኣስታት 6,4 ቢልዮን

ለ ☐ ኣስታት 3,6 ቢልዮን

ሐ ☐ ኣስታት 5,7 ቢልዮን

**3. በዚ ጽሑፍ መሰረት፡ ኣየናይ'ዩ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ናይ ከተማታት ነበርቲ ምብዛሕ?**

ሀ ☐ ከተማታት ንኣከባቢ ዝያዳ ምቹእ'ዩ።

ለ ☐ ኵነታት ናብራ ኣብ ከተማታት ይሓይሽ።.

ሐ ☐ ኣብ ከተማታት ብቐሊሉ ክትንቀሳቐስ ይከኣል።

**4. ብ1961 ኣብ ከተማን ኣብ ገጠርን ዝነብር ህዝቢ ዓለም ብኸመይ ተኸፋፊሉ ነይሩ?**

ሀ ☐ ዳርጋ ዕጽፊ ናይቶም ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ዝነበሩ ሰባት ኣብ ገጠራት ይነብሩ ነሮም።

ለ ☐ ካብ ኣብ ገጠራት ኣብ ከተማ ዝነብሩ ሰባት ይበዝሑ ነሮም።

ሐ ☐ ብዝሒ ናይ ኣብ ከተማታት ይኹን ኣብ ገጠራት ዝነብሩ ሰባት ማዕረ ነይሩ።

**ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሶም።**

5. ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ እንታይ ከምዝኾነ ኣሕጽር ኣቢልካ ብናትካ ቃላት ከተዘንቱ ዶ ምኽኣልካ?

6. ኣብቲ ጽሑፍ ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ህዝቢ እንዳበዝሑ ከኸዱ እዮም ይብል። ኣብ ክንድኡ ኣብ ገጠር ምንባር'ከ ኣየኖት መኸሰባት ክህልውዎ ዝኽእሉ ይመስለካ? ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰብካ ክትገልጾ ዶ ምኽኣልካ?

## Litteraturförteckning

Aisopos. Den girige. I: *Aisopos' fabler*. Ny översättning av Erik Hedén med illustrationer av Arthur Rackham. 1919. Stockholm: Svenska andelsförlaget. (bearbetad)

Aronsson, Karin & Stellan Ottosson, 1993. Lejonet och räven. I: K. Aronsson & S. Ottosson; illustrationer I-K Eriksson & M. Korotyńska, *Min läsebok Blå rosen*. 2:a uppl. Stockholm: Liber. (bearbetad)

Borgström, Håkan, 2010. Sover kroppen när du sover? I: H. Borgström. 2010. *Kroppens mysterier*. Enskede: Borgströms Förlag. (bearbetad)

Carlberg, Jonas, 2014. Mjölken behövs till skolmaten. *Upsala Nya tidning*. Insändare. Publicerad 2014-11-11. (bearbetad)

*En karta över en ö*. Kartan och frågorna anpassade från IEA Reading Literacy Study. © 1990. International Association for the Evaluation of Educational Achievement (IEA). The Hague: International Association for the Evaluation of Educational Achievement (IEA), IEA Secretariat[1].

Harrison, Dick, 2014. Hur länge har vi ätit potatischips? Historiebloggen. *Svenska Dagbladet* http://blog.svd.se/historia/2014/09/28/hur-lange-har-vi-atit-potatischips/?fromMobile=true Publicerad 2014-09-28.
Hämtad 2014-10-19. (bearbetad)

Moström, Jerker, 2013. Världens städer växer allt snabbare. SCB. Statistiska centralbyrån. http://www.scb.se/sv_/Hitta-statistik/Artiklar/Varldens-stader-vaxer-allt-snabbare/# Publicerad 2013-10-10. Hämtad 2015-01-08. (utdrag)

Paulsson, Jonas, 2014. Ge barnen havremjölk i stället. *Upsala Nya Tidning*. Insändare. Publicerad 2014-11-04. (bearbetad)

Åström, Karin, 2001. Skorpionen – ett spindeldjur med gadd. I: S. Andersson, K. Åström & S. Rune. *Boken om världen*. Stockholm: Liber. (Utdrag)

## Bildförteckning

Lejonet och räven. Eriksson, Inga-Karin, 1993. I: K. Aronsson & S. Ottosson; illustrationer I-K Eriksson & M. Korotyńska, *Min läsebok Blå rosen*. 2. uppl. Stockholm: Liber.

Fotografi på skorpion. Hämtad 2015-06-24
https://upload.wikimedia.org/wikipedia/commons/6/6d/Emperor_scorpion_or_Imperial_scorpion_(Pandinus_imperator).jpg

Fotografi på potatischips. Hämtad 2015-02-03
https://pixabay.com/p-476359/?no_redirect

[1] Att IEAs skrifter, studiematerial och undersökningar med organisationens tillstånd får användas för forsknings- och utbildningsändamål ska inte tolkas som att IEA medverkat i eller godkänt någon del av forskningen, eller rapporteringen kring den, eller de utbildningsprogram vari materialet används.